

**ግዜ ከፊኡ ምበር**

**ዚኦ ምዶ ጥለሙ**

ጳጳሳትን ኣቕሽሽትን ህግደፍ
መንደፍ ትሰድኩም መንደፍ
ተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ
28/07/2017 Norway

ምርዩይ ጳጳስ ጀነራል ሉቃስ
ዓቢ ብዕራይ ኣድራጋ ዝኹልስ
ስልጣን ክወርስ ዝበል ሃርገፍገፍ
ሕፍር ከይበለ መልሓሱ ዝዓጽፍ
ኣንቱም
ዝዓበኹም ዕድመ ዝደፋእኩም
ሓቂ ተዘረቡ መርገም ከይኮነኩም
ይኣክል በልዎ ብሓባር ኮንኩም

እናተሳቐዩ ኣቦኹም መራሒኹም
ከመይ ጌርኩም ትጸርዎ ኣለኹም
ሰብዶ ኣይኮኑን ፍጡር ከማኹም
ነዚ ሰይጣን ሸጥኩሞ ሕልናኹም

ንብጹዕ ፓትሪያርክና ኪሒድኩም
ንሽሙ መጽሐፍ ቁዱስ ዓቲርኩም
ሃይማኖት ኦርቶዶግስ ኣመራሲሕኩም
ዝጸልኣሉ ዝሳለምነዚ ሩኹስ ኢድኩም

ሕልፊ ኣቱምናይ ህግደፍ ኣቕሽሽቲ
ኣገልገልቲ ቀንጻሊ ተምሳል ኣጋንንቲ
ኣልቦ ሕልና ናይ ጥፍኣት ጸለይቲ
ናትኩም ገዲዱና ካብቶም ቀንጸልቲ

ህዝብኹም እናተሓርደ እናተረሸነ
ተሕዝኑ ትሻረኹን ተካል ኣረሜኔ
ስለ ምንታዩ ብኣኹም ዘይተኸነነ ?

ደምሰብሰትዩ ዘይጸግብ ዝጨክነ

ሃዋርያ ጥፍኣት ናይ ህግደፍ ኣቕሽሽቲ
ተካል ወጅሆምናይ ሓሶት ሰበኽቲ
ጸሎቶምቄናን ፈራሓት መታለልቲ
ገለኹምሸቃጦ ፍርቅኹምሰለይቲ
ንህዝቢ ሕለዩ ኣብ ክንዲ ነጋንንቲ

ብጃምላ ደቅ ህዝቢ ዘጥፍእ ዘሎ
ብኸመይ መጽሓፍ ቅዱስ ይቕበሎ
ብዘይካኹምመንዩ ዓገብ ክብሎ?
ናይ መንፈስ ዲኺምምስ እካኣሎ?

መስቀል ሓቑፉ ሓቀኛ ክመስል
ሰይጣን ዝሰረሮ ምርኡይ ፋሉል
ምስ ህግደፍ ተጸጊዕካ ኣይተታልል
ኪድ ዕበድ ሳዕስዕ ኣንብሮ መስቀል
ቅሽነ ትካ ኣውርድ ንስኻውን ቅተል

ነዚኦምነ ቕሽሽቲ ህግደፍ ዝሳለም
ኢዶምጥልቁይ ዝተሓጽቡ ብደም
ቐሺ ህግደፍ ምእማን ዓቢ መርገም
ንህዝቡ ደውዘይብል ከሓዲ ጠላም

መራሒና ተኣሲሮምዘይንቀሳቐሱ
ኣሕሊፎምዝህቡ ብሓደ እናቐደሱ
ዓለምእናመጎተት ንስኹምትድቅሱ
ለካሚትኩምትምጻእ ብሓደ ተለሓሱ

ቀሺ ህግደፍ ከይዱ ታይ ከይጎድለና
ተዘይህሉስ ሓቅን ሰላምን ምረኸብና
ዘይ መቕዘፍቲ ታይዶ ተማህሊሉልና
ንህግደፍ ኣፍቂሮምረሲዖ ሞህዘብና

መስቀሎምዓቲሮምጉያ ናብ ፖለቲካ
ምስ ሰይጣውንቲ ክብሉ ኢደይ ኢድካ
ንህግደፍ ክምርቕሉ ናይ ደምፋብሪካ
ኣሕሊፎምዝህቡ ነሕዋተይ ነሕዋትካ
ከመልካ ትተኣማመን ነዚኦምሊኢኽካ

ኣብልዕሊ ሬሳታት ህዝቦምዘጣቕዑ
መራሕቲ ሃይማኖት ምኳኖምዝረስዑ
ምስ ህግደፍ ተጸጊዖ ብህዝቢ ዝጣልዑ

ሰብ ክመስሉ ጭሕሞም እንተማላኽዑ
ግብሮም እከይ ክልተ ኣሕዋት ዘባልዑ

ህግደፋዊ ቀሺ ቃለ ህዝቡ ዘይሰምዕ
ሃይማኖቱ ገዲፉ ኣብ ፖለቲካ ዝጽጋዕ
ክንዲ ዝዓርቕ ሓውምስ ሓው ዘጻልእ
ንኸሕጎሰሉ ባዓል ዓዲ ሃሎ ሽፍታ ባጽዕ
ዕዮ ገዛ ገይሩዎ ህዝቢ ተዋህዶ ንዘዋቕዕ

ኣባ ሉቃስ ጀነራል ናይ ጳጳሳት ህግደፍ
ብስልጣን ዝሰኽረ ናይ ኦርቶዶክእ ጎሓፍ
ኣምላኹ ዝረስዐ ከለቢ ህግደፍ ዓንዳፍ
ኣባ ሉቃስ ናይ ኦርቶዶክስ ፍንፉን ጎሓፍ

ንሕና ንፈልጥ ቀሺ ንሰላም ዝጽሊ
ንሕና ንፈልጥ ቀሺ ንህዝቡ ዝሓሊ
ንፈልጥ ቀሺ ዓገብ ክብል ንበዳሊ
ከምዚ እዩ ነይሩ ናይ ሃገርና ባህሊ
ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ብወግዒ ብዕሊ፣ ፣

ኤረና ኩሑሎ ሎምዘመን ሓዲኡሎ